# ብመጥባሕቲ ጥንሲ ናይ ምውራድ ሓበሬታ

## 1

**ጥንሲ ምውራድ ስዒቡ ናይ ደም ምፍሳስን ክራምፒንግን ከጋጥም ይኽእል 'ዩ። እዙይ 'ውን ዝተለመደ 'ዩ።**

## 2 ደም ምፍሳስ



### በጣዕሚ ውሑድ መጠን

ብ1 ሰዓት ውሽጢ ኣብ ሞዴስ ካብ 1 ኢንች ዝንእስ ደም እንተፈሲሱ።



### ውሑድ መጠን

ብ1 ሰዓት ውሽጢ ኣብ ሞዴስ ካብ 4 ኢንች ዝንእስ ደም እንተፈሲሱ።



### ማእኸላይ መጠን

ብ1 ሰዓት ውሽጢ ኣብ ሞዴስ ካብ 6 ኢንች ዝነኣሰ ደም እንተፈሲሱ።



### ብዙሕ መጠን ዘለዎ ደም

ብ1 ሰዓት ውሽጢ ኣብ ሞዴስ ሙሉእ ብሙሉእ ዝሸፍን ደም እንተፈሲሱ።



**ፓድ ጥራሕ ተጠቐሚ፥ ታምፖን ወይኸዓ ዲቫ ካፕስ ኣይትጠቐሚ።**

**ብዙሕ ደም እንተፈሲሱኪ ክሊኒክ ደውሊ፥**
በጣዕሚ ብዙሕ መጠን ዘለዎ ደም ብ3 ፓድ ብ1 ሰዓት ውሽጢ እንተፈሲሱ ወይኸዓ 1 ፓድ ብብሰዓቱ ን3 ሰዓት እንተፈሲሱ።

## 3 ክራምፒንግ

- ናይ ክራምፒንግ ስምዒት ካብ 1-3 ሰሙናት ይመላለስ 'ዩ።
- ቃንዛ ዝቕንሱ መድሓኒታት ከም ኣይቡፕሮፈንን ኣሰታሚነፈን ውሰዲ።
- በታሕተዋይ ከብድኺ ከባቢ ሙቐት ዝህብ ፓድን ብጥርሙስ ዝፈልሐ ማይን ግበሪ።
- ኣብ ማህጸን ከባቢ ማሳጅ ምግባር ይሕግዝ 'ዩ።
- ሕቶ እንተሃልዩኪ ናብ ክሊኒክ ደውሊ።

## 4 ምንቅስቓሳት/ስራሕ

- ብ24 ሰዓት ውሽጢ መኪና ኣይትዘውሪ
- ናብ ልሙድ ስራሕ ድሕሪ 24 ሰዓታት ምምላስ ይከኣል 'ዩ።

## 5 ናይ ሰውነት ሙቐት

- ሙቐትኪ ንምልካዕ ቴርሞሜትር ተጠቐሚ።
- ሙቐትኪ ካብ 38 °C ንላዕሊ እንተኾይኑ ናብ ክሊኒክ ወይኸዓ ህጹጽ መስመር ደውሊ።

## 6 መከላኸሊ ጥንሲ

- ጉዳዩ ምስተኻየደ ብቕልጡፍ ናይ ወሊድ መቆጻጸሪ ምጅማር ይከኣል 'ዩ።
- ኣይ ዩ ዲ ን ኔክስፕላኖን ካብ ክሊኒኩ ምውሳድ ይከኣል'ዩ።

## 7

**መጠንቀቕታ፥ ቀጺሎም ዝተዘርዘሩ ነገራት እንተተኸሲቱ ናብ ክሊኒኩ ደውሊ ወይኸዓ ህጹጽ ሕክምና ጠይቕ።**

- ናይ ሰውነት ሙቐትኪ ካብ 38°C እንተልዒሉ
- ብዙሕ ደም እንተፈሲሱኪ፡- ብጣዕሚ ብዙሕ መጠን ዘለዎ ደም 3ፓድ ኣብ ውሽጢ 1 ሰዓት እንተፈሲሱ ወይኸዓ 1 ፓድ ብብሰዓቱ ን3 ሰዓት እንተፈሱሱ።
- ከቢድ ናይ ከብዲ ሕማምን በመድሓኒት ዘየቓርጽ እንተኾይኑን።

ናይ ክሊኒክ ሰዓታት:
ካብ ሶኑይ - ዓርቢ / 8:30 am - 4:30 pm

ስልኪ: 780 484 1124
ናይ ህጹጽ ሓገዝ መስመር: 780 940 1271